# ምኽርታት ንውሑስ ኣጠቓቕማ ህዝባዊ ዋይ-ፋይ

## ገበነኞታት ኣብ ኦንላይን ክብለጽልኩም ይኽእሉ እዮም። ህዝባዊ ዋይ-ፋይ ክትጥቀሙ እንተደሊኹም ኣብ ግምት ክተእትውዎም ትኽሉ ገለ ምኽርታት ኣብ ታሕቲ ኣንብቡ።

ከም ግብረመልሲ ነቲ ለበዳ ኮሮናቫይረስን ምዕጻው ትካላትን ኣብያተ-ንባብን፡ ብዙሓት ካባና ዝያዳ ግዜ ኣብ መስመር ኢንተርነት ነሕልፍ ኣለና። ከም ውጽኢቱ፡ ናብ መስመር ኢንተርነት ንምልጋብ ህዝባዊ ዋይ-ፋይ ምጥቃም ከድልየና ይኽእል። እንተድኣ ንገዛእ ርእስኹም ህዝባዊ ዋይ-ፋይ ክትጥቀም ትደሊ ኾይና ረኺብኩማ፡ ዳታኹም/ሓበሬታኹም ኣብ ምሕላው ንምሕጋዝ ብኽብረትኩም ነዞም ዝስዕቡ ካብቲ ናይ ክፍለሃገር Chief Privacy Officer (ዋና በዓል መዚ ምስጢራውነት) ዝመጹ ምኽርታት ኣንብብዎም።

## 1. እቲ ቅኑዕ መርበብ ኢንተርነት ከምዘለኩም ኣረጋግጹ።

ናብቲ ቅኑዕ መርበብ ኢነተርነት ትላገቡ ምህላውኩም ኣረጋግጹ። ገበነኞታት ብመሰረት ስሞም ዘይጎዳኣቲ ዝመስሉ መርበባት ኢንተርነት ክፈጥሩ ይኽእሉ ግን ኣብ ሓቂ ኣብ ኢንተርነት እንታይ ትርእዩ ኣለኹም ንምፍላጥ ናብ ካልእ መርበብ እዮም ዘሕልፍኹም ዘለዉ። እዚ ማለት እንተድኣ መእተዊ ኣድራሻታትን ቃላት-ይሕለፍን (ፓስዎርድታት) ናብ መርበባት-ሓበሬታ ተእትዉ ኾይንኩም፡ እቲ ጠላፊ ንሓበሬታኹም ክሰርቆ ክኽእል'ዩ ማለት'ዩ። ኣንጻር'ዚ ንምሕላው፡ ንስም ናይቲ መርበብ ኢንተርነት ኣዚኹም ብጥንቃቐ ኣንብብዎ ከምኡ ድማ ዝክኣል እንተኾይኑ፡ እቲ መርበብ ኢንተርነት ሕጋዊ ምኳኑ ንምርግጋጽ ንሰራሕተኛ ሕተቱ ወይ ኣብ ዝተለጠፈ ሓበሬታ ርኣዩ።

ፍሉጣይ መርበባት ኢንተርነት፡ ከም ናይ ፍሉጣት ሰነሰለታት ኣብያተ-ቡን፡ ዝተሓተ ተጠርጣርነት ኣለዎም ምኽንያቱ እቲ ኩባንያ ነቲ መርበብ ኢንተርነት ከም ኣገልግሎት ምስ ትካሎም የካይድዎ ስለዘለዉ። ፍሉጣት መርባባት ኢንተርነት ብሓፈሻ ካብ ኣብ ተሌፎንኩም ኣብ ህዝባዊ ቦታ ዝቕልቀሉ ናይ ሃውሪ መርበባት ዋይ-ፋይ ዝያዳ ውሑሳት እዮም።

## 2. Auto-connect (ኣውቶማቲክ ምልጋብ) ዝብል ከምዝጠፍእ ግበርዎ።

ብዙሓት መሳርሒታት (ስማርት-ተሌፎናት፡ ላፕቶፓትን፡ ታብለታትን) ኣውቶማቲክ ንምልጋብ ዘኽእሉ መዋደዲታት (settings) ኣለውዎም። እዚ መዋደዲ መሳርሒትኩም ብቐሊሉ ናብ ዝቐረቡ መርበባት ኢንተርነት ንኽትላገብ የኽእላ። እዚ ኣብ እሙናት መርበባት ጽቡቕ'ዩ፡ ግን ንመሳርሒታትኩም ናብ ዘይውሑሳት ክኾኑ ዝኽእሉ መርበባት ኢንተርነት'ውን ከላግባ ይኽእል። ነዚ ጠባይ'ዚ ብመገዲ እቲ ናይ መዋደዲ (settings) ጠባይ ኣብ መሳርሒትኩም ዘሎ ክተጥፍእዎ ትኽእሉ። ነዞም መዋደቲታት እዚኦም ጠፊኦም ከምዝቕጽሉ ግበርዎም፡ ብፍላይ ናብ ዘይፍሉጥ ቦታታት ኣብ ትጉዓዝሉ እዋን። ከም ተወሳኺ መጠንቀቕታ፡ ህዝባዊ ዋይ-ፋይ ድሕሪ ምጥቃምኩም "forget network" ("መርበብ ኢንተርነት ረስዕ") ዝብል ክትጥውቑ ትኽእሉ።

ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ኣብ ትኾንሉ እዋን ንናትኩም Bluetooth እውን ክትከታተልዎ ኣለኩም። ናይ Bluetooth ተላጋብነት ዝተፈላለያ መሳርሒታት ንሓድሕደን ክራኸባ የኽእል፡ ሓደ ጠላፊ ከኣ ናብ መሳርሒታትኩም ንምእታው ክፉት Bluetooth ክደሊ ይኽእል። ኣብ ዘይትፈልጥዎ ቦታ ኣብ ትህልውሉ እዋን ነዚ ጠባይ'ዚ ኣብ ተሌፎንኩምን ካልእ መሳርሒታትኩምን ከምዝጠፍእ ግበርዎ።

## 3. ምቅብባል ፋይል (file sharing) ከምዝጠፍእ ግበርዎ።

ኣብ ህዝባዊ ዋይ-ፋይ ኣብ ትህልውሉ እዋን ነቲ ናይ ምቅብባል ፋይል ኣማራጺ ከምዝጠፍእ ግበርዎ። ንምቅብባል ፋይል (file sharing) ካብቲ ኣማራጺታት ስርዓት (system preferences) ወይ መቆጻጸሪ ሰሌዳ (control panel) ክተጥፍእዎ ትኽእሉ፡ ኣብ ናይ መሳርሒኹም ስርዓተ ኣሰራርሓ ብምምኳስ። AirDrop ሓደ ኣብነት ናይ ክተጥፍእዎ ዘለኩም ናይ ምቅብባል ፋይል ጠባይ እዩ። ገለ ስርዓታት ኣሰራርሓ ከም Windows/ፒሲ (ውልቃዊት ኮምፕዩተር) ናብ ሓድሽ ህዝባዊ መርበብ ኢንተርነት ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ትላገብሉ እዋን ነቲ "public (ህዝባዊ)" ዝብል ኣማራጺ ብምምራጽ ንምቅብባል ፋይል ባዕሎም የጥፍእልኩም።

መድረኻት ኣጠፋፍኣ ምቅብባል ፋይል

**ኣብ ፒሲ (ውልቃዊት ኮምፕዩተር)፥**

1. ናብ Network and Sharing Center (ማእከል መርበብን ምቅብባልን) ኪዱ።
2. ብድሕሪኡ ናብ Change advanced sharing settings (ምዕቡል ናይ ምቅብባል መዋደዲታት ቀይር)።
3. file and printer sharing (ምቅብባል ፋይልን ሓታሚትን) ዝብል ኣጥፍኡ።

**ንMacs (ማክ)፥**

1. ናብ System Preferences (ኣማራጺታት ስርዓት0 ዝብል ኪዱ)።
2. Sharing (ምቅብባል) ዝብል ምረጹ።
3. ካልእ ኩሉ ከምዝይምረጽ ግበሩ።
4. ብድሕሪኡ ኣብ Finder (ረኻቢት)፡ ኣብ AirDrop ዝብል ጠውቑ፡ ነቲ Allow me to be discovered by (በዚ ዝስዕብ ክርከብ ኣፍቅደለይ) ዝብል ሕረዩ፥ ብዋላ ሓደ።

ን iOS፡ ነቲ AirDrop ዝብል ኣብቲ Control Center (ማእከል ቊጽጽር) ጥራይ ርኸብዎን ኣጥፍእዎን።

## 4. VPN ተጠቐሙ።

ኣብ መሳርሒትኩም VPN (Virtual Private Network, ማንዛዊ ናይ ግሊ መርበብ) ምጽዓን ኣብ ግምት ኣእትዉ። VPN እቲ ቀንዲ ውሑስ ኣማራጺ ንዲጂታል ምስጢርነት ኣብ ህዝባዊ ዋይ-ፋይ እዩ። ንዳታኹም ካብን ናብን መሳርሒ ኣብ ዝሓልፈሉ እዋን ከምዝምስጠር ይገብር ዳታኹም/ሓበሬታኹምበቲ መርበብ ኣብ ዝሓልፈሉ እዋን ዘይርአ ምእንቲ ክኸውን ከኣ ከም መከላኸሊ "ገለርያ" ኮይኑ የገልግል።

## 5. ናይ FBI መጠንቀቕታ ብዛዕባ ዝተመስጠሩ መርበባት-ሓበሬታ – HTTPS።

FBI ብዛዕባ ኣድራሻኦም ብ "https" ዝጅምር መርበባት-ሓበሬታ መጠንቀቕታ ሂቡ ኣሎ። እቲ ህላወ "https" ከምኡ ድማ እቲ ናይ ሊከቶ (ዕጹው መፍትሕ) ኣርማ እቲ ዋሕዚ መርበብ ኢንተርነት ዝተመስጠረ ምዃኑን በጸሕቲ ብውሑስ ኣገባብ ዳታ/ሓበሬታ ክቀባበሉ ከምዝኽእሉን ከምልክት'ዩ እዩ ዝሕሰብ። ይኹን እምበር፡ ሳይበር (ናይ ኢንተርነት) ገበነኛታት ሕጂ ናይ ህዝቢ እምነት

ብምምዝማዝ https ናብ ዘጠቓልሉን ውሑሳይ ዘይኮኑ ኸለዉ ውሑሳት ናብ ዝመስሉን ናይ ምትላል መርበብ-ሓበሬታታት ሃባቢሎም የእትውዎም ኣለዉ።

ናይ FBI ምኽርታት፥

- ነቲ ኣብ ኢመይል ዘሎ ስም ስቕ ኢልኩም ኣይትእመንዎ፥ ነቲ ዕላማ ናይቲ ኣብቲ ኢመይል ዘሎ ትሕዝቶ መርምርዎ።
- ኣንተድኣ ዘጠራጥር ኢመይል ምስ ናይ ትፈልጥዎ ሰብ ሊንክ/መላገቢ እንተተቐቢልኩም፡ ናብቲ ሰብ ብምድዋል ወይ ኢመይል ብምስዳድ ኣረጋግጹ። ናብ ዘጠራጥረኩም ኢመይል ብቐጥታ ኣይትመልሱ።
- ኣብ ውሽጢ ሓደ ሊንክ/መላገቢ ክህልዉ ዝኽእሉ ጌጋታት ኣጸሓሕፋ ፊደላት ወይ ግጉይ ስም ኣድራሻ ርኣዩ (ንኣብነት፡ እንተድኣ ሓደ ኣድራሻ ብ “.gov” ክውድእ ዝግብኦ ብ “.com” ዝውድእ ኮይኑ)።
- ሓደ መርበብ-ሓበሬታ ናይ ሊከቶ ኣርማ ወይ “https” ኣብቲ ናይ ብራውሰር/ገንጻሊ መታወር ስለዘለዎ ጥራይ ኣይትእመንዎ።

# 6. ናብ ተነቃፊ ሓበሬታ ምእታው ኣይምከርን’ዩ።

ዋላ’ውን VPN እንተለኩም ናብ ውልቃዊ ናይ ባንክ ሕሳባትኩም፡ ወይ ተመሳሳሊ ውልቃዊ ዳታ ከም ናይ ሶሻል ሰኩሪቲ (ማሕበራዊ ውሕስነት) ቁጸራር ኣብ ዘይውሑሳት ህዝባዊ መርበባት ኢንተርነት ምእታው ገና ኣይምከርን’ዩ። ዋላ ህዝባዊ ውሑስ መርበባት ኣስጋእቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ዝኦም ሕሳባት እዚኦም ኣብ ህዝባዊ ዋይ-ፋይ ክትኣትውዎም እንተልይኩም ዝበለጸ ምምዝዛን ተጠቐሙ። ንገንዘባዊ ምስግጋራት፡ ናይ ስማርት ተሌፎንኩም hotspot (ሆትስፖት) ጠባይ ምትቃም ኣብ ክንድኡ ዝሓሸ ክኸውን ይኽእል።

# 7. ውሑስ ኣንጻር ዘይውሑስ።

ብመሰረቱ ክልተ ዓይነታት ህዝባዊ መርበባት ዋይ-ፋይ ኣለዉ፥ ውሑስን ዘይውሑስን።

ኣብ ዝክኣለሉ ነፍስ ወከፍ እዋን ናብ ውሑሳት ህዝባዊ መርበባት ተላገቡ። ዘይውሑስ መርበብ ብዘይ ዝኾነ ዓይነት ናይ ውሕስነት ጠባይ ከም ቃል-ይሕለፍ (ፓስዎርድ) ወይ ተመዝግቢካ ምእታው ክእቶ ይኽእል። ሓደ ውሑስ መርበብ መብዛሕትኡ ግዜ ቅድሚ ናብቲ መርበብ ምልጋብካ ተጠቃሚ ምስ ዝርዝራት ውዕልን ቅድመ ኩነትን ክሰማማዕ ይሓትት፡ ከምኡ ድማ ኣድራሻ ከመዝግብ፡ ወይ ቃል-ይሕለፍ ከእቱ።

# 8. ንናትኩም firewall (ፋየርዋል) ወልዕዎ።

እንተድኣ ላፕቶፕ ትጥቀሙ ኣለኹም ኮይንኩም፡ ኣብ ህዝባዊ ዋይ-ፋይ ኣብ ትህልውሉ እዋን ናትኩም ፋየርዋል ተወሊዑ ከምዝቕጽል ግበሩ። ፋየርዋል ንመሳርሒትኩም ካብ ናይ ማልወይር ስግኣታት ዝከላኸል መንደቕ ኮይኑ የገልግል። ተጠቀምቲ ብምኽንያት ንላዕሊ ዝወጹ ሓበሬታት ወይ መሓበሪታት ነቲ ናይ Windows ፋየርዋል ከጥፍእዎን ብድሕሪኡ ከኣ ክርስዕዎን ይኽእሉ። እንተድኣ ኣብ ፒሲ (ውልቃዊት ኮምፕዩተር) ደጊምኩም ክተጀምርዎ ደሊኹም፡ ናብቲ Control Panel (ሰሌዳ ቊጽጽር)፡ “System and Security (ስርዓትን ውሕስነትን)” ኪዱ “Windows Firewall (ፋየርዋል)” ዝብል ከኣ ምረጹ። ኣንተድኣ ተጠቀምቲ Mac (ማክ) ኮይንኩም፡ ናብ “System Preferences (ኣማራጺታት ስሮኣት)”፡ ኪዱ ብድሕሪኡ “Security & Privacy (ውሕስነትን ምስጢራውነትን)፡ ብድሕሪኡ ነቲ ታብ/ሰሌዳ “Firewall (ፋየርዋል” ነቲ ጠባይ ንምውላዕ።

## 9. ጸረ-ቫይረስ ሶፍትዌር ተጠቐሙ።

ነቲ ዝሓደሰ ዓይነት ናይ ጸረ-ቫይረስ ፕሮግራም ኣብ ላፕቶፕኹም ጽዓኑ። ፕሮግራማት ጸረ-ቫይረስ ህዝባዊ ዋይ-ፋይ ኣብ ትጥቀምሉ እዋን ናብ ስርዓትኩም ኣብ እዋን ምትቃም ሓባራዊ መርበብ ክኣትዉ ዝኽእሉ ማልወይር ብምልላይ ክከላኸልልኩም ይኽእሉ። እንተድኣ ፍሉጣት ቫይረሳት ናብ መሳርሒኹም ተጻዒኖም ወይ እንተድኣ ዝኾነ ዘጠራጥር ንጥፈት፡ መጥቃዕቲ ሃልዩ፡ ወይ እንተድኣ ማልወይር ናብ ስርዓትኩም ኣትዩ መጠንቀቕታ ክህበኩም እዩ።

## 10. ናይ ክልተ-ረቛሒ ወይ ናይ ብዙሕ-ረቛሒ መረጋገጺ ተጠቐሙ።

ናብ ብመርበባት-ሓበሬታ ብውልቃዊ ሓበሬታኹም ኣብ ትኣትውሉ እዋን ናይ ብዙሕ-ረቛሒ መረጋገጺ (MFA) ተጠቐሙ። እዚ ማለት ካልኣይ መረጋገጺ መረጋገጺ ኮድ (ናብ ተሌፎንኩም ብጽሑፍ መልእኽቲ ዝስደድ ይ ብኣፕ ወይ ኣካላዊ መፍትሕ ዝውሃብ) ናይ ተወሳኺ መከላኸሊ ኣለኩም ማለት'ዩ። ስለዚ ዋላ'ውን ሓደ ጠላፊ ናይ ተጠቃሚ ስምኩምን ቃል-ይሕለፍኩምን እንተለዎ፡ ብዘይ መረጋገጺ ኮድ ናብ ሕሳባትኩም ክኣትዉ ኣይክእሉን እዮም።

## 11. ንውልቃዊ መሳርሒታትኩም ተኸታተልወን።

ንላፕቶፕኩም፡ ታብለትኩም፡ ወይ ተንቀሳቓሲ ተሌፎንኩም ኣብ ህዝባዊ ቦታ ወይ ተሸከርካሪት ብዘይ ሓላዊ ኣይትግደፉ። ዋላ'ውን ኣብ ናይ ዋይ-ፋይ መርበብ ጥንቃቐታት ትገብሩ እንተለኹም፡ እዚ ሓደ ሰብ ንብረትኩም ካብ ምውሳድ ወይ ንሓበሬታኹም ብዓይኑ ካብ ምስላይ ክዓግት ኣይክእልን። ብዛዕባ ኣከባቢታትኩም ንቑሓት ኩኑ ከምኡ ድማ ነቶም ኣብ ከባቢኹም ዘለዉ ሰባት ተጠንቀቕሎም።

## 12. ካልእ ኦንላይን ናይ ድሕነት ምኽርታት።

ኣብ ኦንላይን፡ ብፍላይ ከኣ ህዝባዊ ዋይ-ፋይ ኣብ ትጥቀምሉ ዘለኹም እዋን ድሕነትኩም ንምሕላው ዝሕግዙ ውሑዳት ምኽርታት ኣብዚ ኣለዉ፥

- ሓያል ቃላት-ይሕለፍ (ፓስዎርድታት) ተጠቐሙ።
- ንመሳርሒታትኩም ከምዝምስተራ ግበርወን።
- ን Phishing (መታለልቲ) ኢመይላት ተጠንቀቕሎም።
- ኣብ ማሓበራዊ መድያ ትልጥፍዎም ነገራት ተጠንቀቕሎም። ኣዝዮም ብዙሓት ውልቃዊ ዝርዝራት ንጠለፍቲ ቃላት-ይሕለፍ (ፓስዎርድታት) ንምግማት ክሕግዝዎም ይኽእሉ።
- ሕጂ ዘየድልየኩም ናይ ቅድም ሓበሬታ ሰርዝዎ።
- እንተድኣ ሓደ መርበብ ዝኾነ ተወሳኺ ሶፍትዌር ወይ ናይ ብራውሰር ላቒባታት ንምጽዓን ይሓተኩም እንተልዩ ኣይትላገቡ።
- ኣንጻር ፍሉጣት ስግኣታት ንምክልኻል ኣብ መሳርሒታትኩም ዝሓደሱ ድርዕቶታትን ሶፍትዌርን ተጻዒኖም ምህላዎም ኣረጋግጹ።